# ብምሉኦም ናብ ኖርወይ ዝኣትው ገያሾ ድሕሪ ምእታዎም ክምርመሩ ግዴታ ኣለዎም

እዚ ሓድሽ መጺኡ ዘሎ ዓይነት ቫይረስ ንምድንጓይን ንምድርራትን መንግስቲ ኣብ ዶብ ትርር ዝበሉ ግዴታታት መርመራ የተኣታቱ ኣሎ። ካብ ናብ ንዓርቢ 3 ታሕሳስ ዘውግሕ ለይቲ ኣትሒዞም ብምሉኦም ናብ ኖርወይ ዝመጽኡ ብመሰረቱ ኲነተ- ክትበቶም ብዘየገድስ ክምርመሩ ኣለዎም።

- ኣብ ኖርወይ ህሉው ኩነታት ለብዒ ከቢድ እዩ ዘሎ። ዓይነተ ቫይረስ ኦሚክሮን ምስፍሕፋሑ ንምድንጓይ ግድን ኢና ስጉምትታት ከነተኣታቱ ዘለና። ከምዚ ንገብረሉ ዘለና ምኽንያት ካብ ቁጽጽር ከይወጽኣና ኢዩ። ብዛዕባ እዚ ሓድሽ ዓይነት ቫይረስ ዝያዳ ኣፍልጦ ንኽንዕቅብን ኣገልግሎት ጥዕና ውን ልዕሊ ዓቕን ተጽዕኖ ከይወርዶን ብዝብል እዩ ትብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ኢንግቪልድ ቫርኮል።

ዝኽተቡ ኣረጋውያንን ተነካእትን ክሳብ ዝዛይዱ ኦሚክሮን ከም ዓብላሊ ቫይረስ ንኽሰርጽ ዝወስደሉ ግዜ መንግስቲ ከደናጉዮ ከም ዕላማ ሒዙ ይሰርሓሉ ኣሎ። ብመሰረት ምሕጽንታታት ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ሕጋጋት ኮቪድ-19 ንቕይሮ ብምህላውና ብምሉኦም ናብ ኖርወይ ዝመጹ ሰባት ክምርመሩ ኣለዎም። ኣብቲ ዶብ ትሰግረሉ ቦታ መደበር መርመራ ምስ ዝህሉ ኣብኡ ኢኻ ክትምርመር ዘለካ ወይ ኣብቲ ዝምልከቶም ሰበ-ስልጣናት ክትምርመር ኣለካ ዝብሉሉ ቦታ ክትምርመር ኣለካ። ኣብቲ ዶብ ትሰግረሉ ቦታ መደበር መርመራ ምስ ዘይህሉ ድሕሪ ምእታውካ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ክትምርመር ኣለካ።
ከምኡ ክኾውን ከሎ እቶም ገያሾ ኣብ ህዝባዊ መደበር መርመራ ፍጡን መርመራ ክምርመሩ ወይ ፍጡን ባዕለ-መርመራ ክገብሩ ክመርጹ ይኽእሉ ኢዮም። ፍጡን መርመራ ውጽኢቱ እወታዊ እንተደኣ ኰይኑ ኣብ መደበር መርመራ ተመርመር ወይ ብባዕለ-መርመራ ተመርመር ብዝቐልጠፈ ደንጉዩ ተባሂሉ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ሕጋጋት መርመራ-PCR የገድዱኻ እዮም። እዚ ግዴታ ነቶም ምሉእ ክትበት ዝተኸተቡ ወይ ኮቪድ-19 ዘሕለፉ እውን ይምልከት እዩ። ልዕሊ 12 ዓመት ዝዕድሚኦም ንኖርወይ ዝኣተዉ ገያሾ ኣብ ርሕቀት ክሕልዉሉ ዘይክእሉሉ ህዝባዊ ቦታታት ክሳብ ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ ዝገብሩ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ክጥቀሙ ኣለዎም።

ከም ተወሳኺ ከከም ኣስጋእነቱ ንገያሾ መርመራ ክግበረሎም ይኽእል እዩ (እቶም ፍሉይ ሕድገት ዝተገበረሎም ሰባት ገዲፍካ)

ቅድሚ ሕጂ ንኖርወይ ዝኣትዉ ዝምልከቱ ዘተኣታትናዮም ፍሉያት ሕድገታት መርመራ ከምዘለዎ ክቕጽል እዩ፡ ገለ ካብዞም ጉጅለታት ዶብ ዝሰግሩ ተመላለስቲ፡ ሰራሕተኛታት በረራን ሞያውያንን ኣውቲስታታትን ኢዮም።

ቅድሚ ንስቫልባርድ ምእታውካ ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ ክህልወካ ኣሎዎ ዝብል ግዴታ ከም ብሓድሽ ይተኣታቶ ኣሎ። ኣብ ስቫልባርድ ብዝሕ ዝበለ ለብዒ ቫይረስ እንተደኣ ነቲጐ ድሉውነት ሕክምንኦም ትሑት ብምዃኑ ልዑል ኣገዳስነት ዘለዎም ዕማማት ሕብረተሰብ ክብድህ ዝኽእል ስለዝኾነ ተሓከምቲ ናብ መሬተ-ኖርወይ ክሰጋገሩ ክግደዱ ይኽእሉ እዮም፡ እዚ ከኣ ንድሉውነት ኣምቡላንስ ኣየር ዓቕምታቱ ክሓዝኦ ይኽእል እዩ። ስለዚ ዳግመ-ሕደሳ ክታበት ኮሮና ክወሃብ ከሎ ንህዝቢ ስቫልባርድ ቀዳምነት ክወሃቦ እዩ።
እዞም ናይ ዕለት 2 ታሕሳስ ሕጋጋት ዝትግበሩ ኮይኖም ሰዓት 24:00 ኣብ ግብሪ ይውዕሉ። እዞም ደረታት ድሕሪ ክልተ ሳምንታት ከም ብሓድሽ ክግምገሙ እዮም።